## ሕጂ ወን ንጃንዳ ህግደፍን ማሰልቶምን

## ካብ ምብዳህ ዓዲ ኣይወፅልን

## ማል 21ክፋል

### ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ

### በርሀ ዕቁባዝጊ ሃገር ጀርመን

ኢድ ምእታው ዝቀደሙ

ንህዝቢ እንታይ ጠቒሙ

ካብ ሌባስ ተቐባሊ ሌባ

ብስርቂ ማሊኡ ጅባ፡፡

 

ብዝርያ ተታሐዝና እንበር

ኣብ ትሕቲ ኢሰያስ ዶ ይንበር

ሐላዊ ወሰን ዶብ ስገር፡፡

ክሻ ተሐዚሉ ዝመጸ

ከም ኢሰያስ ከይተማርጸ

ዝነብር ዘሎ እንዳ ጋየጸ፡፡

ዝወደቐት ኣም ምካር ይበዝሐ

ኣእጋር ዝጎየየት ኣጻምእ ኣዶባሐ

ብዘብዘብ ደንካልያ ዝበጽሐ

ነጻነት ንሽሙሃገር ኣበይ ረቢሐ

ኤረትራ ብዘይ ናታ ተመሪሐ፡

ብንብረት ህዝቢ ዝሃብተሙ

ብተደጋጋሚ ሕድሪ ዝጠለሙ

ኣብ ቦታ ደቀባት ደምሒት ዝሸሙ፡

ኣብዘይ ሰምዓካ ደብሪ ኣይትማህለል

ኣብ ዘይጸረግካዮ ጽርግያ ኮለል

ካብ ተባህለ እንዳ በልካ ጸለል

ህዝቢ ከይጸነተ ዶብ ሰጊርካ ዝለል

ሕልሚ ደቂ ኣሉላ ክብለል፡፡

ደቂሱ ኢልኩም ኣይተላግጹ

ዝደቀሰ ኣንበሳ ዓጽሚ መወጹ

ዝሰራሕናዮ ቅያ ዶ ዊሒዱ

ሓይሊ ደርጊ ፈትዩ ዶ ከይዱ

ዘይከይፈተወ ተገዲዱ፡፡

ጅግንነትና ኤረትራዊያን ተረሲዑ

ንጸላእቱ ከምዝይ ሰዓረ በሲዑ

ህግደፍን ማሰልቶምን ተነሲዖ፡፡

ስራሕ እንተ ጀሚርና

በትሪ ኣብ ኢድና

ተመን ኣብ እግርና፡፡

ክንገብር ከምንኽእል እሙኑ

ወረስቲ ሕድሪ ኣለዉና ጀጋኑ

ለይቲ ምስ መዓልቲ ዝሕንሕኑ፡፡

ዓወት ቶጎሩባ ክድገም

ክቕንጠጥ ናይ ህዝቢ ሕሰም

ድሕሪ ኢሰያስ የሎን ዝሰደድ

ከስታናይ ከጽሊ ኣስላምይ ከሰግድ··

ገለ ማይ ኤረትራ ዝሰተየ

ገለ ተሐዚሉ ዝመጸ ኣብኣ ዝዓበየ

ገለ ኣብኣ ተወሊዱ ህዝቢ ዘሳቐየ

ንኢትዮጵያ ዝሰርሐ ኣለልዩ ሃየ··

ከይቀደመትኪ ሐባል በልያ

ንኤረትራ ዋናታታ ኣለናያ

ንኤረትራዊያን በዚሐና ዝርያ

ኣሃዱታትና ማዓስ ሕነ ክፈድያ··

ኣብ ዘበን ወሬ ወሬ

ሃገር ብጀነራላት ጨፍራ

ብሕድሪ ዝጠለሙተወሪራ··

ጥራዝ ማርክስ ለኒን ተሐንጊጡ

ንሕናን ዕላማናን ሐንጢጡ

ኣዘንጊዑ ንዝፈለጥዎ ወሺጡ

ሉኡኽ ኣስራተ ካሳ ሕጉ ሸጉጡ

ከም ሐርገጽ ጀጋኑ ዊሐጡ·

ዝርያ በዚሐና ብዓንተቦ

ሐቦ ከይጸነተ ዓደቦ

ቃልሲና ንንፋስ ኣይንሃቦ··

ብማስከረም እወ ንሕበን

ዝወለደት ንቶጎሩባ ሐበን

ብወላድ ሰብዓ ዘይበኸየ መን··

ኤረትራ ደምነቢዓ

*ኣብ ዓላ ኣብራሃም በሊዓ*

*ሰብዓ ኣዘንጊዓ*

*ንሃገራዊያን መንካዕ ጸዊዓ*

*ንነብሳ ኣብ ቅድሚት ሰሪዓ··*

*ድሕሪ ነጻነት ከይተማርጸ*

*ማሊሱ ዝገበለ ዝሐርገጸ*

*ጭምዩ ኢሰያስ ማሊሳ በሊሓ*

*ኣብ ኤረትራ ማሐወሪ ዘርጊሓ*

*ሃገር ድሕሪ ነጻነት ማዓስ ረቢሖ··*

*ኣብ ፍትሐዊት ኤረትራዊት ሃገር*

*ብምክብባር ብሰላም ንምንባር*

*ኣይትዋራዘ ሜዕጾ ጎሪርቤት ክዕጾ*

*ኣርሕዎ ሜዕጾ ባዕልና ክነቃብጾ··*

*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤረትራ*

*ክብርን ሞነስን ንጀጋኑ ሰማእታትና*

*ኤረና ሸዊት ለምለም ክኸወን ዓድና*

*ሎሚ ዶ ጽባሕ ጭርሖና*

***ዕንወት ንጃንዳ ህግደፍ ዝብሉ ይንበረልና***